***Flyer ‚Unterricht in der Herkunftssprache: Ein Gewinn!‘*** *Übersetzung Eritrea/Tigrigna*

# ትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ፡ ዓቢ ሂያብ!

ኣብ ገዛ ካብ ቋንቋ ጀርመን ፍልይ ዝበለ ቋንቋ ዲኹም ትዛረቡ? እቲ ኣብ ገዛ እትዛረብዎ ቋንቋ ኣደ ንውላድኩም ወርቃዊ ህያብ'ዩ፡፡ ጽቡቕ ቋንቋ ኣዲኦም ዝመልኩ ህጻናት ቋንቋ ጀርመን ወይ ድማ ካልእ ተወሳኺ ቋንቋታት ብቐሊል ክማሃሩ ተኽእሎታት ኣለዎም፡ ስለ'ዚ ደቕኩም ኣብ ማእዲ ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ክትልእኽዎም ይግባእ፡፡

ኣብ ባዝል ሽታትን ባዝል ላንድን (Basel-Stadt und Basel-Landschaft) ልዕሊ ሰላሳ ዋሃብቲ ኣገልጉለት ትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ ኣለዋ፡፡

---

ጽቡቕ ቋንቋ ኣዲኦ ዝመልኽ ህጻና ካልእ ተወሳኺ ቋንቋታት ብቐሊል ክማሃር ዝላዓለ ተኽእሎ ኣለዎ፡፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ድማ ዝተገብሩ ሳይነሳዊ መጽናዕትታት ይገልጽዎ፡፡መምሃራን ብወገኖም ኣብ ማዓልታዊ ስሮሖም ዝዕዘብዎ ሓቂ'ዩ፡፡ምኻድ ኣብ ትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ኣለዎ፡-

- ውላድኩም ደቂ ዓዱ ከምቲ ናቱ ተመሳሳሊ ቋንቋ ዝዛረቡ ህጻናት ክላለ ይኽእል
- ከም ውጺኢት ምልከት ቋንቋ ኣዲኡ ምስ ቢተሰቡን ፈለጥቱን ጽቡቕ ዝኾነ ዝምድና ክህልዎ ይሕግዞ፡
- ናብ መበቐል ዓዲ ኣብ ዝገሸሉ ግዜ ብቐሊል ክራዳዳእ ይኽእል ጋሻ ኾይኑ ዳማ ኣይስምዖን
- ዝተፈላለዩ ባህልታትን ያታታትን ክላለ የኽእሎ
- ብፍልጠቱ ዝሕበን ካሎኦት ቋንቋታት ክማሃር ድልየቱ ይዓቢ
- ኣብ መዩኡ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይህልዎ

### ትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ ከመይ ይመስል?

ህጻናትን መንእሰያትን መበቆላዊ ቋንቋ ኣዲኦም ንኽዛረቡን ከንቡቡን ክጽሕፉን ይማሃሩ፡፡
ምስ ባህሎም ዝተኣሳሰሩ ኣርእስትታ ንኣብነት ከም ባዓል ታሪኽ፡ ጀኦግራፊ፡ ኣመጋግባ፡ ባዓላት፡ ባህላዊ ልምድታት ዓዶም ይማሃሩ፡፡
ዝሰልጠኑ መምሃራን ብወገኖም ብሕጉስ መንፈስ ይምህርዎም፡፡

### ትምህርቲ ቛንቋ ኣደ ኣበይን ማእስን ይዋህብ?

እዚ ዓይነት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ ኮይኑ ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲታት እዩ ዝካየድ፡፡
ኣብ ውላድኩም ዝማሃረሉ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ ጥቓ ዝቐመጠሉ ቦታ ክኸውን ተኽእሎ ኣሎ፡፡
ማሕበር ወልዲ ወይ ድማ ኢንባሲ ሃገርኩም ሓላፍነት ክወስድ ይኽእል፡፡ ወልዲ ብወገኖም ኣብ ወጻኢታት ቤት ትምህርቲ እጃሞም ከበርክቱ ይግቦኦም፡፡

### ብኸመይ መገዲ ገርኩም ውላድኩም ኣብ ገዛ ቋንቋ ኣደ ትምህርዎ?

- ምስ ውላድኩም በቲ እትመልክዎ ቋንቋ ክትዛረቡ ይግባእ፡ ትመልክዎ ቋንቋ ማለት ትዛረቡሉን ትሓስቡሉን ትሓልሙሉን ቋንቋ ማለት'ዩ፡፡ ወላ ኳ ውላድኩም ኣብ ግዜ ዝርርብ ብቋንቋ ጀርመን መልሲ ይሃብኩም፡ ዘረባኹም በቲ ትፈልጥዎ ቋንቋ ክትቕጽሉ ኣለኩም፡፡.
- ንውላድኩም ኣብ'ቲ ልዕሊ ቋንቋ ኣደ ድልየት ክም ዝህልዎ ግበርዎ፡ ማለት ታሪኽ ኣንብቡሉ፡ ጽን ኢልኩም ስምዕዎ፡ ምስኡ ብሓባር ኮይንኩም መዝሙር ዘምሩ.
- እኹል መሳርሒ ክትቕርቡሉ ኣለኩም፡ ንኣብነት መጽሓፍቲ፡ መዝሙርን ታሪኽን ዝሓዘለ ሲዲ ወይ ድማ ፊልምታት፡፡
- እንታይ ቋንቋ ይዛሮቡ ብዘይ ገድስ ውላድኩም ምስ ካልኦት ቆለውዕ ርክብ ክህልዎ ምቹእ ሃዋሁው ፍጠርሉ ፡፡
- ምስ መምሃራን ቤት ትምህርት3 ከሙኡ ድማ መምሃራን ቤት ትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ ጽቡቕ ርክብ ይሃልኹም ፡፡

---

**መዝገባ ንትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ** HSK
ብመገዲ መምሃርን ቤት ትማህርቱ ከተመልከቱ ትኽእሉ ኢኹም
ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ልዕሊ 4000 ዝቑጽሮን ህጻናት ኣብ ባዝልን ባዝልላንድን( Basel-Stadt und Basel-Landschaft )ትምህርቲ መበቆላዊ ቋንቋ ኣደ ይበዝሑ ኣለዉ ፡፡

---

## Kantonale Kontaktadressen

Daniel Aeschbach
Erziehungsdepartement Basel-Stadt | Volksschulen
Fachstelle Pädagogische Unterstützung
Kohlenberg 27 | Postfach | 4001 Basel
Tel. +41 61 267 90 08 | daniel.aeschbach@bs.ch
www.bs.ch/hsk

Bildungs-, Kultur- und Sportdirektion Kanton Basel-Landschaft
Amt für Volksschulen
Sekretariat
Munzachstrasse 25c, Postfach 616, 4410 Liestal
Tel. +41 (0)61 552 50 98, avs@bl.ch
www.hsk.bl.ch